# መጸዋዕታ ሰላማዊ ሰልፊ ጀነቫ 23 ሰነ 2016

ዝከበርኩምን ዝከበርክንን ኤረትራውያን ደለይቲ ፍትሒ

ብመጀመርታ ኣብ ሂወትኩም ምሉእ ጥዕና ኣብ ስራሕኩም ኣሳልጦ ንምነየልኩም ::

ብምቅጻል ን 23 ሰነ 2016 ኣብ ጀነቫ ዝግበር ሰላማዊ ሰልፊ : ቀንዲ ዕላምኡ ነቲ ኣብ ኤረትራ ዝቐጽል ዘሎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት : ጸብጻብ ኣጻራይት ኮምሽን ( Commission of Inquiry) ናብ ቤት ጽሕፈት ዉድብ ሑቡራት ሃገራት ዝቐርበሉ መዓልቲ ስለ ዝኮነ :ኣብዚ ወሳኒ ዕለት`ዚ ተረኺብና : ምስክርነትና ብድምጽና ክነስምዕ ሃገራዊ ሓላፍነትና እዩ::

ስርዓት ህግድፍ ነቲ ጨቋኒ ዝኮነ ፖሊስኡ ንምቅላዕ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ግዜ ይሓተና ኣሎ ። ጉጂለ ስርዓት ህግደፍ ዕሱባቱ ሰሪዑ ብቐልዑን ስውርን ዘመተ ኣብ ዘካዝደሉ ዘሎ እዋን ፣ ንሕና ደለይቲ ፍትሒ ዝገደፍና ገዲፍና: ንነብስናን ከማና ተደናገጽቲ እቲ ውጹዕ ህዝብናን ዝኾኑ ሰባት ብዝከክኣለና እንዳተሓጋገዝና ኣብዚ ታሪኻዊ መዓልቲ `ዚ ንክንርከብ ብኽብሪ ንጽውዕ ።

ህግደፍ ንህዝቢ ንምድንጋርን ተደናገጽቲ ንምርካብን ከምቲ ቀጻሊ ዘመትኡ ህዝብን ሃገርን ንምጥፋእ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ኣሎ::ኤርትራ ብግህሰት ሰብኣዊ መሰል ፣ ብጃምላዊ ህልቂት ትኽሰስ ኣላ እንዳበሉ ይጉስጉሱን ዘየለን ዘይተባህለን ሓሶታት ብምፍጣር ንህዝቢ የደናግሩ ኣለዉ :: እቲ ኽሲ ኣብ ልዕሊ እቶም ገበነኛታት ዉልቀ-ሰባትን ትካላት ህግደፍን ክንሱ : ሃገር ትኽሰስ ኣላ ኣድሕንዋ : እገዳ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ መሊሱ ክዉሰኽ እዩ ርድኡና ብምባል ናይ ሓሶት ጥሩምባ ይነፍሑ ኣለዉ ::

ነቲ ባዕሉ ዝፈጸሞ ገበን : ንኣጻራይት ኮምሽን ( Commission of Inquiry)ኣላጊቡ መዋጽኦ ክረክብ ላዕልን ታሕትን ክብል ስለ ዝርከብ : ንሕና ደለይቲ ፍትሒ ህዝቢ በቲ ዝንቡዕ ናይ ምድንጋር ባህሊ ህግደፍ ተታሊሉ ኣብ ዘይኣፍልጦ መጋርያ ከይኣቱን ኣንጻር ውጹዕ ህዝብና ታሪኻዊ ጌጋ ከይገብር ክነረድእን ፣ ብዝተኻእለ መጠን ከኣ ብጉቡእ ኣረዲእና ኣብቲ መኣዲ ፍትሒ ኣበርክትኡ ከዕዝዝ ክንጉስጉሶን ክሕብሮን ሓፍነትና ምኳኑ ተረዲእና ኣበርቲዕና ክንሰርሓሉ ይግባእ ።

እዞም ዝኽሰሱ ዘለዉ ሰበስልጣን ህግደፍ ንህዝቢ ኤርትራ ንርብዒ ዘበን ዝኣክል መሰሉ ብምግፋፍ : ብቑጠባውን ማሕበራዊ ናብራን ዶቂሶም ብምሓዝ ኤርትራ ኣብ ክንዲ ከም ዓለማ ዓዲ ሕግን ስርዓትን ክትክዉን ዝግብኣ : በቲ መላኽን ጮቛንን ሚላኦም ኣደዳ እገዳን ተነጽሎ ምስ ዓለምን ይገብሩዋ ኣሎዉ :: ስለዚ ንሕና ከም

ህዝቢ ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ ስለ ዝኾነ : ነዞም ማሕበረ- ሰብ ዓለም ኣላልያ ብገበነኛታት ሰምያቶም ዘላ ላዕለዎት ሰበስልጣን ኣብ ሕጊ ንምቅራብ ደገፍና ንኣጻራይት ኮምሽን ( Commission of Inquiry)ብምሃብ ሃገርና ህዝብናን ከነድሕን ይግባእ።

ነዚ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ጀነቭ ዝግበር ዕዉት ንኸኸዉን ሓባራዊ ስራሕ ናይ ኩሉ ደላይ ፍትሒ ክኸዉን ይግባእ ::

ነዚ ዓቢ ሰላማዊ ሰልፊ ንምዉህሃድ እዘን ኣብ ታሕቲ ተጠቒሰን ዘለዋ ኣብ ዝተፈላላያ ጥርናፈታት ዝነጥፉ : ኣብ ሓደ ጽላል ተጠርኒፈን ይሰርሐኦ ከምዘለዉ ንኩሉ ሰብ ብሩህ ኽኮነሉ እይግባእ።

1. ህዝባዊ ምንቅስቃስ ኤረትራዊያን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ( EPMDCS )
2. ስምረት ምንቅስቃስ ኤረትራዊያን ንድሕነት ሃገር ( ESMNS )
3. ኤረትራዊያን ስቪክ ደሞክራስያዊ ለውጢ ( ECDM )
4. ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ( ENSF )
5. ኤረትራዊያን ንሰላምን ደሞክራስን ( EPD )
6. ምንቅስቃስ ኤረትራዊ መንእሰይ ንለውጢ ኣብ ስዊዝ ( EYMCS )
7. ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤረትራ ( EPDP )
8. ምንቅስቃስ ንደሞክራስያዊ ፍትሒ ኤረትራ( EMDJ )
9. ደሞክራስያዊ ዉድብ ብሌን
10. ሰልፊ ኣል ናህዳ
11. ብዉልቂ ዝነጥፉ
12. ባርነት የብቅዕ ( Stop slevery )
13. ኩላቶም ዓለም ለካዊ ደላይ ፍትሒ
14. ኩላቶም ኣብ ሰባዊ መሰላት ዝነጥፉ
15. ኩለን ሾሻል መዲያታት

ምልኪ ይፍረስ ፍትሒ ይንገስ !!!

ኣወሃሃዲት ሸማግለ ሰለማዊ ሰልፊ 23 ሰነ 2016 ጀነቭ ስዊዘርላንድ
ጽላል ኤረትራዊያን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ስዊዝ !!
24 ግንቦት 2016
ደለይቲ ፍትሒ